ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
ሰውራዊ ባይቶ

جبهة التحرير الارترية
المجلس الثورى

Eritrean Liberation Front – RC

# ደምዳሚ መግለጺ
# 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ

ፈጻሚ ሽማግለ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ካብ 23-27 ሕዳር 2006 ኣብ ካርቱም ኣካይዱ። ኣኼባ፡ ካብ ሓለፍቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ፈጻሚ ሽማግለን ወካይልን ምምሕዳራትን ጨናፍርን፡ ከምኡ ውን፡ ካብ ፍሉያት ናይ መጽናዕትን ናይ ድህሰሳን ሽማግለታት ዝቐረበሉ ኩሉ መዳያዊ ጸብጻባትን ለበዋታትን ተመልከተ።

ፈጻሚ ሽማግለ፡ ነቲ ኣብ ዞናና፡ ብፍላይ ድማ ኣብ መንጎ ሱዳንን ኤርትራ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ዝተገብረ ናይ ዝምድና ምምሕያሽን፤ ኣብ ሶማልን ዳርፉርን ዘሎ ወጥርን ዞባውን ኣህጉራውን ራሕቅታቱን ብዕምቈት ገምገመ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ዝገብሮ ዘሎ ኩሉ ናብ ውግእ ዘምርሕ ምትእትታዋት፡ ሳዕቤናቱ ቀሊል ከኸውን ከምዘይኰነ ብምግንዛብ፡ ኣእዳዉ ክእክብ የጠንቅቕ።

ኣብ ውሽጣዊ መዳይ፡ ከም ውጽኢት ናይ'ቲ ስርዓት ኣስመራ ዝተኸተሎ ግጉይ በሓትን ተናጻልን ጨቋንን ፖሊሲታት፡ ኩሉ መዳያዊ መነባብሮ ህዝብና ካብ ሕማቕ ናብ ዝኸፍአ ደረጃ እናንቆልቆለ ይኸይድ ከምዘሎ ርኣየ። እቲ ስርዓት ዝተፈላለዩ ሓደስቲ ምስምሳት እናፈጠረ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዓቕምታቱ ዝተዳኸመ ህዝብና ዘውርዶ ዘሎ ቍጠባዊ መቕጻዕቲ፡ ካብ'ቲ ኣትይዎ ዘሎ ቅልውላው ከውጽኦ ዘይክእል ከንቱ ፈተነ ምዃኑ ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ ተመልከተ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ልዕሊ ጋዜጠኛታትን፡ ሰዓብቲ እተፈላለዩ ሃይማኖታትን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበራትን መንእሰያትን ዝፍጽሞ ዘሎ ናይ ማእሰርትን ምስጓግን ምጽባብን ተግባራት ደው ክብልን፤ ኩሎም ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ብዘይቅድመ ኩነት ክፍትሑ ጸውዐ።

ኣብ ውድባዊ መዳይ፡ ውሳኔታት 6ይ ሃገራዊ ጒባኤ ንምግላጽ ምስ ህዝብን መሰረታት ውድብን ኣሓት ውድባት ዝኾና ተቓወምቲ ውድባትን ፈተውትን ኣዕሩኽን ሃገራትን ሰልፍታትን ውልቀሰባትን ዝተኻየዱ ኣኼባታትን ርኽክባትን ዕዉታት ምንባሮም ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ መዘነ። ኣብ ዝተፈላለዩ ኵርንዓት ናይ ዓለም ዝርከባ ብመሪሕነት ውድብ ዝቖማ ብዛዕባ ምምስራት ሰልፊ ዘሎ ርእይቶታት ዝድህስሳ ሽማግለታት፡ ተስፋ ዝህብ ኣወንታዊ ውጽኢታት ከምዘመዝገባ ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ምምሕዳራዊ መዳይ፡ ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ፡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ክስርሓሉ ዝጸንሐ ምምሕዳራዊ ትካላትን ውድባዊ መምርሒታትን ደጊሙ ድሕሪ ምጽናዕ፡ ምስ'ዚ ዘለናዮ መድረኽን ኵነታትን ብዝሳነ ኣገባብ፡ ኣድላዪ ምምሕያሻት ድሕሪ ምትእትታው ኣብ ግብሪ ክውዕል ናብ ዝምልከቶም ኣካላት ብቕልጡፍ ክበጽሕ ወሲኑ።

ንሓድነት ናይ ተቓወምቲ ውድባት ብዝምልከት፡ ንኣቀማምጣን ኣተሃላልዋን ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለን ኣባላት ሰውራዊ ባይቶን ዝርከብወን ናይ ልዝብ ሽማግለታት ብምቛም ውዓል ሕደር ዘይብሉ ልዝብ ክጅመር ፈጻሚ ሽማግለ ወሲኑ። ውድብና፡ ምስ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለወን ውድባት ንምጽንባር፡ ምስ ዝተፈላለየ መደብ ዕዮ ዘለወን ውድባት ድማ፡ ኣብ ክሊ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ጥዑይ ናይ ምጽውዋርን ምክብባርን ምትሕግጋዝን ዝምድናታት ፈጢሩ ንሓባራዊ ረብሓ ንምቅላስ ብዘሓየለ ድሌትን ናህርን ክሰርሕ ዘለዎ ድልዉነት ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ኪዳናዊ መዳይ፡ ኣኼባ፡ ካብ ሽማግለታት መጽናዕቲ ጉባኤ ኪዳንን ሃገራዊ ዋዕላን ዝቐረበሉ ጸብጻብ ተመልኪቱ። ኣኼባ፡ ንቻርተርን ቅዋምን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምምዕባል ዝሕግዙ ኣወንታዊ ሓሳባትን ለበዋታትን ቀሪቦም ከምዘለዉ ገምጊሙ።

2ይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ፡ ንጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ፍሉይ ትኹረት ብምሃብ'ዩ ተመልኪትዎ። ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ብፍላይ ድማ ዋሕዚ ናይ መንእሰያት ስደተኛታት ናብ ጐረባብቲ ሃገራትን ክንዮኡን፤ ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማትን ኣብ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ደረጃ በጺሑ ምህላዉ ገምጊሙ። ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ፡ ኣብ ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ማዕረ'ቲ ክስከሞ ዝግብኦ ሓላፍነት ኲይኑ ይሰርሕ ዘይምህላዉ፡ ኣዝዩ ዘሻቕል ምዃኑ ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ ኣስሚርሉ።

ንኤርትራውያን ስደተኛታት ዘጋጥሞም ዘሎ ጸገማት ንምቅላል፡ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን ሲቪላዊ ማሕበራትን ናይ ኤርትራውያን ናይ ሰብኣውያን ማሕበራትን ናይ ሓባር ጽዓታቶም ከኻዕብቱ ይጽውዕ። እቶም ጠንቂ ናይ'ቲ ስደት ብዝያዳ ዝርድኡ ጐረባብቲ ሃገራት ድማ፡ ምስ ክህልዎም ዝኽእል ጸገማት፡ ነቲ ስደተኛ ዑቝባ ክኾንዎን፡ ናብ'ቲ ሃዲምሉ ዝመጸ ክብሪ ወዲ ሰብ ዘይፈልጥ ቀንጻሊ ስርዓት ንኸይመልስዎን ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ ምሕጽንትኡ የቕርብ።

ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልስታት
ውድቀት ንዲክታቶር
ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
28.11.2006